# ዋዛ ምስ ቁምነገር

## “ምስ ሃንጎሊማዶ ኪዳን ይእቶ?

(ጽዊጽዋይ)

ሓደ ምሸት፡ ንረኣይኣ ክሳዕ ኣተብህግ፡ ወርሒ ደሚቓ ኸላ፡ ሓደ ዕዳ ዘይብሉ፡ ብሓደ ነገር ድማ ድምብርጽ ዘይብሎ ዚመስል ኾሪፍ እናበለ ሓደ ኣድጊ ሮማዲኡ ይቓርፍ ነበረ። እቲ ዝነበሮ ቦታ ኣዝዩ ጸምጸም በረኻ ነበረ።

በቲ ኻልእ ወገን ድማ፡ እዋን ምምእራሩ ዝበጽሐ ዝብኢ፡ ሃንጎፍ፡ ሃንደፍ፡ እናበለ ኸሎ፡ ኹሪፍታ ኣድጊ ሰሚዑ ጽን በለ። የማነ-ጸጋም ቍሊሕ እንተ በለ ድማ፡ እንሆ ኣድጊ፡ ንበይኑ፡ ኣብ ማእከል ቃድራ፡ ደረተ-ደረት ሳዕሩ ኽበልዕ ከሎ ረኣዮ። ሽዑ ካብ መገዱ ትእልይ ኣቢሉ፡ ኣብቲ ኣድጊ ገጹ ቅርብ በለ።

ቅርብ ኢሉ፡ ካብ ጽፍሪ እግሩ ክሳዕ ክሳዱ ብትምኒት እናረኣየ ድማ፡ “ኣንታ ህንጡይ ወደል፡ በዚ ጊዜ እዚ ኣብዚ ንበይንኻ ኰንካ ትበልዕ ዘሎኻስ፡ ናይ ወርሒ ድምቀት ድዩ ወይስ ናተይ ንዕቀት?” ኢሉ ሓተቶ። ወዮ ኣድጊ ዘይተጸበዮ ረኺብዎ ሰንበደ። ራዕራዕ እናበለ ድማ፡ ርእሱ ኣቕኒዑ እንተ ረኣየ ድማ፡ ካብቲ ዝፈርሆ ኣይወጸን። ወዮ ዝብኢ፡ ኣብ ብርኽ ዝበለ ደው ኢሉ፡ ሓውሲ ኣብ ልዕሊኡ ኾይኑ ንምጉባጡ ዝቀራረብ ዝነበረ ኾይኑ ተራእዮ።

ወዮ ኣድጊ ኣብ ርእሲ እቲ ስንባዱ ተውሲኽዎ ብፍርሂ ተላዕጢጡ፡ ገበታ ገብታ እናእተንፈሰ፡ “ኣይፋል ኣይፋለይ፡ ኣንታ ንስኻ ዶኸ ኢኻ . . . ኣንታ ወዲ ጎይታይ?

ብዘይከውን ሃንጎሊማ ዘይብሉኻ፡
በዓል ሓንቲ ቃል ጥልመት እኳ
ዘይብሉ ኣፍካ፡
እምነትካ እምበር ኣይምጸናሕኩን
ኣብዚ በረኻ።” ኢሉ መለሰሉ።

ዝብኢ ኸኣ ትቕብል ኣቢሉ፡ “ሓቅኻ ወደል፡ በል ቀጽል ቋርፍካ፡ ኣይትፍራህ ክበልዓልኒ እዩ ኢልካ።” ኢሉ መለሰሉ። ምስኣ ውስኽ ኣቢሉ ድማ፡ “ኣነ ግና ካብዚ ፍትንንት ኢለ፡ ኣብቲ፡ ኽድቅስ እየ እሞ፡ ከይተተንስኣኒ” ኢሉ ኣትቢቑ ኣጠንቂቕዎ ካብኡ ከደ።

ድሕሪ ቅሩብ፡ ወዮ ኣድጊ እቲ ገጢምዎ ዝነበረ ናይ ሞትን-ህየትን ኵነት ረሲዑ ድሮ ኣብ ምብላዕ ተመልሰ። ግና ኣድግን ብዘይ ኩሪፍን ከኣ ዳርጋ ዘይከውን ነገር እዩ እሞ፡ ከም ቀደሙ እናኹረፈ ሳዕሩ ኺግህጽ ጀመረ። ክጽበ ከም ዝጸንሀ ድማ ወዮ ዝብኢ ሰምዖ። ኩጉብጦ ከም ዝተዳለወ ድማ ዘሊሉ ተበኾ በለ። “ኣታ ጽጋቡ ዘይጸውር ወደል፡ ከይተበራብረኒ ኢለ ኣጠንቂቐካዶ ኣይከድኩን!” ኢሉ ብረቃቒቶኡ ሓዞ።



ሓቫኺት ወደል ኣድጊ ከምልጥ ከም ዘይክእል፡ ተገንዘበ። ሞቱ ኸኣ ከም ዘይተርፎ ኸኣ ብኡ ብኡ ተረድኦ። ተጣዒሱ ድማ፡ “ክሳዕ እዚ እዋን እዚስ ኣብዚ ዘጽንሐ እንታይ ነይሩኒ! ምስ ሃንጎሊማዶ ኪዳን ይእቶ? ኢሉ እናገዓረ ሞተ።

ነዚ ናይ ኣድግን ዝብእን ዝመሳሰል ኩነታት ምስ ተረኽበ እዩ፡ እቶም ለባማት ቀደም፡ ኣቦታት፡ “ዘይተኣማመኑ ክልተ ጐሓሉ፡ ኣብ ክሳድ ይምሓሉ” ዝበሉ። ጠላሚ፡ ኣተስፍዩኒ ኢልካ ኣይትዘንጋዕ። “ወዲ ድሙ ከም ቀደሙ” ጠላሚ ኣብ ቃሉ ኣይቀውምን እዩ።

---

## ካብዝን ካብትን . . .

ወለዳ ኣዝዮም ርኹባት ስለ ዝነበሩ፡ ብኡ ኣቢላ ድማ ካብቲ ዝነበረ ህውከት ምእንቲ ኽትርሕቕ፡ ንኽትመሃር ኢሎም ንወጻኢ ሰደዱዋ። ከምቲ ዝደለዩዋ ንሳ’ውን ትምህርታ ቀጸልት።

መዓልቲ ድሕነታ ኾይናትላ ኸኣ፡ ሓደ ግዜ ንክርስቶስ ንኽትቅበል ንዝተገብረላ ዕድመ ተቐቢላ፡ ባህ ኢሉዋ ልባ ንክርስቶስ ከፈተት። ሕድገት ሓጢኣት ረኺባ፡ ተስፋ ዝመልኦ ህይወት ትነብር ከም ዝነበረት ህይወታ ብምልኡ ንኻልእሲ ይተረፍ ንእኣ’ውን እንተ ኾነ ምስክር ኰነላ። ኣብ ዝገበርቶ ኩሉ ድማ ኣሳልጦ ረኸበት። ትምህርታ እናቐጸለት ስራሕ ጀሚራስ ንኻልኦት’ውን ደገፉ ክተበርክት ጀመረት። ኣብቲ ትኸዶ ዝነበረት ቤተ ክርስትያን እውን በታ እትኽእላ ተገልግል ነበረት።

ጎርዞ ጓል ኣብ ዘይፈልጥዎ ጓና ዓዲ ሰዲዶም ለይትን መዓልትን ብእኣ ኣብ ክንዲ ዝጭነቑ፡ እቶም ስድርኣ’ውን፡ ስለምንታይ ምኽንያቱ እኳ እንተ ዘይተርድኦም ብእኣስ ዳርጋ ብዙሕ ኣይተሻቐሉን። ድሕሪ ቅሩብ እዋን ግና ኽበጽሑዋ መጹ። መጺኦም ድማ ብፍጹም ዘይተጸበይዎ ነገር ጸኒሕዎም ሰንበዱ። ነታ ጓሎም ኣየርኣዩዋን፡ ንሳ ግና ኣይሰሓተቶን።

ሒደት መዓልታት ምስኣ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ግና በብቕሩብ በጨቕ ክብሉላ ጀመሩ። ጸኒሖም ግና ዳርጋ ኣብ ምቁያኞ’ውን በጽሑ። ብዙሕ ብምጽላይን መጽሓፍ ቅዱስ ብምንባብን ገለ ነገር ከይተምጽኣሎም ከም ዝፈርሁ ኰይኖም ተረድዋ። ኣብ ገዛእ ገዝኣ ድማ ጨሪሶም ኣጽበቡላ።

ሓደ ምሸት፡ ተኻሓሒላ፡ እዋን ዘይብሉ፡ ክትወጽእ ምስ ተበገሰት፡ “ሕጂ እዋን ዘይብሉ ትወጺ ድኣ ናበይ ኢኺ?” ኢሎም ሓተቱዋ። ንሳ ድማ፡ “ምስ መሓዙተይ ኣብ ሓደ እንዳ ሳዕስዒት ከንምሲ ምስ መሓዙተይ ተቛጺርና ኣሎና። ኣይትጸበዩኒ፡ ምናልባሽ ኣብቲ ዘምሰኩዎ ውን እሓድር እኸውን” በልቶም።

ኣብ ዓዲ በዓል መን ከም ዝነበራ መሓዙታ እትፈልጥ ኣዲኣ፡ ደቂሳ ከም ዝጸንሐት ብድድ ኢላ፡ “ንዒ ድኣ ‘ዛ ጓለይ ከም ቀደምቲ ጸሎትኪ ጌርኪ ደቅሲ” በለታ።